ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንግድን መጋዕዝያን ወረዳ ፀለምቲ ኣብ 2009 በጀት ዓመት ኣብ ከተማ ማይ ፀብሪ ናይ ማይከል ፅርግያ መብራህቲ ኤለክትሮመካኒካል ኢንስታሌሽን ስራሕቲ ንምስራሕ ደረጃ 5ን ልዕሊኡን ብፉሉይ ኤለክትሮመካኒካል ብርኪ ፍቃድ ስርሕ ተኮናተርቲ ኣጫረቱ ከስራሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 25, 2009 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 14, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፀዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ፀለምቲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 14, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

1 ተጫረቲ ኣብቲ ጨረታ ንምስታፍ ናይ 2009 ዓም ናይ ስራሕ ግብሪ ዝከፈልሉን ፍቃድ ዘሐደስሉን መረዳእታ ከቅርቡ አለዎም

2 ኣብ ቢሮ ኮንስትራክሽንን መንገድን መጋዕዝያን ክልልትግራይ ዝረከብ ቀንደ ከይዲ ስራሕ ኮንስተራክሽንን ቁፅፅርን ምዝገባን ፍቃድ ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ ወይድማ ናይ 2009 ዓም ዝተሓደሰ ስራሕ ፈቃድ ካብ በዓል ስልጣን ኢነርጂ ኢትዮድያ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይደማ ቫት ተመዝገብቲ ምስክር ወረቀትን ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ዘለዎምን ቅድሚ ሐዚ ናይ ኤለክትሮ መካኒካል ኢንስታሌሽን ስራሕቲ እንተነኣስ ሓደ ሰሪሑም ምካኖም ካብ ዝምልከቶ አካል ሕጋዊ መረዳእታ ዘቕርብን

4 ተጫረቲ ናይ 2009 ዓም ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ከቅርቡ ዝክእሉ

5 ተጫረቲ ቴከኒካል መረዳእተኦም ከቅርቡ አለዎም

6 መከበሪ ጨረታ 30,000 ቅርሺ ካብ ባንኪ ብዝተዉሃበ ቼክ ወይድማ ሲፒኦ ወይዉን ናይ ባንኪ ጨረታ ዉሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ዉሕስና ትካል ከቅርቡ አለዎም

7 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ናይ ደገ መብራህቲ ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 60 ተከታተልቲ መዓልቲ ዉሽጢ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚዞም ከረክቡ አለዎም

8 ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 25 ጥቅምቲ 2009 ዓም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንግድን መጋዕዝያን ወረዳ ፀለምቲ ኣብ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ዘይምለስ 300 ቅርሺ ብምክፋል ክገዝኡ ይክእሉ

9 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ፋይናንሻል ዝሓዘ ሓደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ከምኡዉን ቴክኒካለ ዝሓዘ ሓደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ናይ ጨረታ ዉሕስና ሰነዳት ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ምስዓሸጉ ኩሎም ፖስታታት ኣብ ሕድሕድ ዋናን ቅዳሕን ብማርከር ብምፅሓፍ ን ቴክኒካል ፋይናንሸል ኢሎም ኣብ ካሊእ ዓብዩ ፖሰታ መሊሶም ብምዕሻግን ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ሽምን አድራሻን ብትክክል ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብዩ ፖሰታ ብማርከር ብምፅሓፍ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እዮም

10 ተጫረቲ ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝቀረቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ሕድሕድ ገፅ እቲ መረዳእታ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ሰዓብ እቲ መረዳእታ እንተዛብዑ እቲ መረዳእታ ከምቲ ክሸየጥ እንከሎ ዝነበረ እንተይአጋደሉ ከቅርቡ አለዎም ዝተጋደለን ብትክክል ዘይተመለአን ቅደም ሰዓቡ ዝተዛብዐን ሰነድ ጨረታ ካብ ጨረታ ወፃኢ የግብር እዩ

11 እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ 14 ሕዳር 2009 ዓም ሰዓት 3:30 ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ተዓፅዮ ልክዕ ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ሰዓት ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንግድን መጋዕዝያን ወረዳ ፀለምቲ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ይክፈት

12 እቲ ከይዲ ስራሕ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346620374

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle